#ሕቶ ኣሎኒ፡!

ክቡራትን ክቡራንን፡ንሎሚ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቦ ናብ ኣንበብቲ ኣብ ቀረባ እዋን ኣቕሪበዮ ዚነበርኩ ናብ ሰፊሕ ኣንባቢ ከምጽኦ ተቐሲበ ኣሎኹ፣እሞ ኢሂን ምሂን ክንበሃሀለሉ ብክብሪ ክዕድም እፈቱ።

ኣብ'ዚ ተለጢፉ ዘሎ ኣሳእል እዚ ኣቦይ ወልደኣብ ወልደማርያምን ፕሮፌሰር ኤድዋርድ ኡለንዶርፍን ይረኣይ ኣሎ።እታ ሓንቲ ስእሊ ኡለንዶርፍ፡ካብ ኣስመራ ዝነበረ ዕዮ ምድላው "ናይ ኤርትራ ሰሙናዊ ጋዜጣ" ኣቋሪጹ፡ናብ ኢዮርሳሌም-እስራኤል ኣብ ዝኸደሉ ዝነበረ እዋን ንፈተውቱን ኣንበብቲ ጽሑፋቱን ናይ ምፍናው ጽሑፍ ተደናፊቑ እናጸሓፈ ኩሎ ተርእይ ኢያ።




እታ ሓንቲ ድማ ኣቦይ ወልደማርያም ንመበል ካልኣይ ጊዜ ፈተነ ቕትለት ኣብ ዝተፈንውሎም እዋን ዝተሳእልዎን ዝተጻሕፈን`ዩ።



ንሎሚ ክሕትት ደልየ ዘሎኹ ድማ ብሓቂ ፕሮፌሰር ኤድዋርድ ከምቲ ዝግባእ ምልከት ቋንቋ ትግርኛ ነይርዎ'ዶ ትብሉ፤ ኣቦይ ወልደኣብ ቕድሚ 35 ዓመት ከምቲ ዝውደሶ ዘይምኳኑ ተዛሪቦም ነይሮም ኢዮም!

#ካልእ ኣቦይ ወልደኣብ ተደጋጋጊ ፈተነ ቅትለት ክፍተነሎም ከሎ ደጊፎም ዝወሰድዎምን ክጥንቀቑ ከም ዘሎዎምን ዝሕበርዎምን ዝደገፍዎም ሰባት፡ኣብ ታሪኽ ህይወቶም ክጸሓፍ ዳርጋ ኣይረኣዩን'ዩ።ኣብነት ዶ/ር ፋሲል ናሆም( ኣማኻሪ ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ) ፣ኣቶ ብርሃነ በለጠ ወንድምን ካልኦት እቲ ዝግባእ ክዝረበሎም ወይ ክጸሓፈሎም ኣይንዕዘብን ኢና።እሞ እንታይ ትብሉ/ላ፤ ካልኦት ተፍልጥዎም ተሃልዮም ድማ ወስ ክትብሉና እላቦ።

#ብሓጺሩ፡ኣነ ዝተፈላለያ ጋዜጣታት ኣንቢበ ይብል ኢየ እሞ ከም ጋዜጣ ናይ ኤርትራ ሰሙናዊ ጋዜጣ ትመስል ግን ትምስጠንን ሃንቃ ገይረ ዘንበብክዋ ዳርጋ የላን ክብል እክል ኢየ።



#ካብ'ቲ ዝማርከኒ ነጥብታት ንገሊኡ ምስ ዝገልጽ ድማ ኣብ ሕብረ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታዊ ኣረኣእያን ንኹሎም ኣማንቲ ዝተፈላለዩ እምነታት ኣሱታፌኣ መዳርግቲ ኣልቦ ኩይኑ ይረኽቦ'የ።ካልኣይ ንህጻናትን ንደቂ ኣንስትዮን ትህቦ ዚነበረት ዕድል ድማ ወሳንን ቐላስን ኢዩ ነይሩ።ኣብ ቋንቋ ድማ ሓንሳብ ሓንሳብ ቋንቋ ትግርኛን ዓረብን ይኹን ኣብ ምልከታ ብቋንቋ ኣምሓርኛ ዝርከቦ ቋንቋታት ተስተኣናግን ነይራ።

#ኣንበብታ ድማ ኪንዮ ኣብ ዉሽጢ ኤርትራ ዚነበረ ዉዕዉዕ ልምዲ ንባብን ርእይቶታት ምጽሓፍን ክሳዕ ኣብ ሱዳን፣እስራኤልን፣ግብጽን፣ሶማልያን፣ጁብትን ወዘተን ግዱሳት ኣንበብቲ ነይሮማ'ዮም፥ እንተላይ ኣብ ኣዲስ ኣበባን ካልኦት ከተማታት ኢትዮጵያ ሃንቃ-ልቦም ገይሮም የንብብዋ ምንባሮም ምስክርነት ተዋሂብዎ ሓሊፉ'ዩ።ካብ'ዚ ንግዘቦ ነገር ተሃልዩ፡ኣድማስ ተበጻሕነታ ዘደንቕ'ዩ ምንባሩ'ዩ።

#ኣብ ትግራይ ብብዝሒ ተዛራቢ ቋንቋ ትግርኛ ብምንባሩ(ሕጅ'ውን ኣሎ) ድማ ብዙሕ ኣንባቢ ነይርዋ ኢዩ።ከም ኣብነት ኣብ ዓዲ ግራት ተኪኤ ዝበሃል ርእይቶ ጸሓፊ ነበረ።ኣብ ዓድዋ ድማ ከም እኒ መምህር ስዩም(ኣቦ ሰላም ሮሃ ባንድ)፣ሃለቃ ጎበዜ፣መምህር ስዩም ቢያድግልኝ፣ብላታ ገብሩ፣ሃለቃ ተወልደመድህን ገብሩን ካልኦትን ጣምጣም ኢሎም ካብ ዘንብብዋ ምንባሮም ይፍለጥ'ዩ።

ኣብ መቐለ ካብ ርእሰ ደብሪ መህደረ-ቃል፣ኣቶ ተስፋጽዮን ደረስ፣ራእሲ ስዩም፣ማየስትሮ ዘወንገል ኣባይን ብዙሓት ግዱሳትን ዝርከብዎም፣ ካብ ሽረ ብርክት ዝበሉ ኣንበብቲ ነይሮም ኢዮም።ሓንቲ ኣብነት ግን ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ሽረን ከንቲባ እታ ከተማን ተጠቓሶቲ ኢዮም።

ኣብ'ዚ ክሕጽሮ እቲ ምንታይ ከይነውሓኒ ማዕረ ክንደይ ተነበባቢት ምንባራ ንምግላጽ ዝዓለም ኢዩ-ኣብ ግምት ኣእትዉዎ ኢኹም።

ካልእ እታ ጋዜጣ ንምሁራት ፍልጠቶም ክምጥዉ ሰፊሕ ዕድል ማዕጾኣ ተርሒው ምንባራን ዋዕላታት ቋንቋ ትግርኛን ዕቤቱን ኣብ ዝግበር ጸዕርታትን ምርምራትን ዕድል ትህብ ነይራ።ኩታ እታ ጋዜጣ ደርማስ ዕዮ ዓሚማ ኢያ።

እንተኾነ ነቲ ክብሪ ብዓቢኡ ንፕሮፌሰር ኤድዋርድ ኡለንዶርፍ ክወሃብ ጸኒሑ ኣሎ።ኣቦይ ወልደኣብ ድማ ተዘካርን ልዑል ክብርን ዝወሃቦም እኳ ተኾነ ንክልቲኦም ብምንጽፃር መዐየሪ ገይርኹም መረዳእታኹምን ኣፍክጦኹምን ከተካፍሉኒ ሑርያይ ገይረ ኣሎኹ።

#"በይኑ ዝጎይይ ዝቕድሞ የብሉን፣በይኑ ዝምጉት ዝረትዖ የብሉን!"-ኣቦይ ወልደኣብ ነዛ ጉዳይ ኣድሂቦም ተሓቲቶም ክምልሱ ኸሎዉ፣ንሓደ ተመራማሪ ታሪኽን ቁንቋን ዝበልዎ ብምውሳእ ኢዩ።

#እዚ ከበሃል ከሎ ግን ፕሮፌሰር ኤድዋርድ ኡለንዶርፍ ዝነዓቕ ግደ የብሉን ኢዩ ማለት ኣይኮነን ኢዩ፣ኣብ ዕማም መጽናዕትን ምርምርምን ቋንቋን ታሪኽን እጃሙ ክብ ዝበለ ምኳኑ ከስምረሉ እረድይ።

#ናትትኩም/ናታትክን ርእይቶን ሓሳብን ድማ ብኣኽብሮት ክጽበይ ኢየ።ወደሓንኩም!

ካልእ ንእግረ-መገደይ ሓንቲ ሰብ ከልዕል ክግደድ እየ።



እዘን ኣደ፣ኣብ ግዜ ንእስነተን ኣዚየን ፍልጥቲ ኢየን ነይረን።
ካብ`ተን ኣለዋ ኣለዋ ዝበሃላ ጎራዙት ኢየን ዚነበራ።ኣብ ከተማ ዓድዋ ቕድሚ ፍርቒ ዘመን ሆቴል ነበረን።ሓደ ወድ መንደፈራ በዓል ቤት ብዘእተዋ ድማ ብጉዳይ ናብራን ጉዕዞ ሕይወትን ናብ ሱዳን ኰነ ግብጽን ክኸዳ ተቐሲበን ነበራ።

ወ/ሮ ለተብርሃን (ሕልኾ-ሱዳን)-ኣቦይ ወልደኣብ ወልደማርያም ኣብ ግብጺ ኮይኖም ፈነወ ሬድዮ ክጅምሩ ከለዉ-ኣብኡ ነይረን ኢየን።ንሰን ንንጡፍ ዕዮኦም ብዓይነ ስግኣን ካብ ዝተዓዘቡ ሰባት ሓንቲ ኢየን።ነቦይ ወልደኣብ ድማ

“ኣብ ስርሖም ኣዚዮም ግዱስን ንጥፉን ኢዮም ነይሮም፣ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ዚነበሮም ክእለት ድማ ዝገርም ኢዩ ነይሩ።”-ክብላ ኣብ ዕላልና ክዛረባ ኣስተውዒለለን ኢየ።ካልእ ነቦይ ወልደኣብ ወልደማርያም ስጉምቲ ብመንግስቲ ኃይለሥላሴ ኣብ ዝትለመሉ ዝነበረሉ እዋን ካብ`ቶም ናብ ግብጽ ከይዶም ዝሓበርዎም ሰባት እውን ኣፍልጦ ኣሎወን`ዩ።ንሎሚ እዚ ከልዕሎ ዝደለኹ ኣብ ላዕሊ ስም ኣቶ በቀለ ብርሃነ ብምልዓለይን ንሰን ኣፍልጦ ብምህላወን`ዩ።ካልእ ድማ እኒ ጠበቃ ኣቶ ገረዝግሔር ድማ ሬድዮ ካይሮ ብትግርኛ ከተቓልሕ ከላ ከም ጎረቤት መምህር ስዩም ወልደማርያም መጠን ብሓባር ክከታተሉ ዝክርታት ብምህላዎም ኢዩ።

ኰታ ወ/ሮ ለተብርሃን፣ብዙሕ ወግዒ ኣውግዔናኒ ኢየን።...ካልእ ጊዜ ኣብ ዝመሸኣኒ ጊዜ ከቕርቦ ክፍትን ኢየ።